**Version 1.9.1 |** 2020-01-28

# ንዲጂታላዊ መሳርሒት ዘቤታዊ ምልቃሕ ዚምልከቱ ውዕላት ልቓሕ

ኖርሾፒንግ ኮሙን



ከም ተምሃራይ መጠን ኖርሾፒንግ ኮሙን ኣብቲ ናብ ቤትትምህርቲ እትመላለሰሉ ግዜ ኣብ ገዛኻ እትጥቀመላ ዲጂታላዊት መሳርሒት ክትልቃሕ ይዕድመካ ኣሎ። ናይታ ዲጂታላዊት መሳርሒት ዓይነት በቲ ናይ ትምህርትኻ ደረጃ ይፈላለ እዩ። ኣብዚ ናይ ልቓሕ ውዕል'ዚ ድማ እታ ዲጂታላዊት መሳርሒት ከም "ኣሃድ" እያ እትፍለጥ።

ነዚ ናይ ልቓሕ ውዕል ክትፍርም ከሎኻ ነቲ ናይ ቤትትምህርቲ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ክትስዕብ ትመባጻዕ ኣሎኻ ማለት እዩ። ነቶም መምርሒታት ምስ እትጥሕሶም ግን እቲ ቤትትምህርቲ ነታ "ኣሃድ" ኪወስዳ እዩ፡ ወይ ከኣ ካብ ሓድሓደ ኣገልግሎታት ኪእግደካ እዩ። ተደጋጋሚ ጥሕሰት ዝበርተዐ መቕጻዕቲ የኸትል።

እቲ ናይ ልቓሕ ውዕል በቲ ተምሃራይን በቲ ናባዩኡን ይፍረም፣ እቲ ተምሃራይ ዓቕሚ-ኣዳም ዝበጽሐ ምስ ዚኸውን ግን ባዕሉ እዩ ዚፍርም።

www.norrkoping.se

## ናይ ልቓሕ ውዕል
እዚ ናይ ልቓሕ ውዕል'ዚ፡ ነቲ ኣብ ምምሕዳር ኖርሾፒንግ ዚካየድ ኣብ መንጎ ተጠቐምቲ ንዲጂታላዊ መሳርሒ ዝውተራ ዚምልከት ሓድሕዳዊ ርክባት ይቆጻጸር።

## መሰል ዋንነት
እቲ ኣሃድ ናይ ምምሕዳር ኖርሾፒንግ ንብረት እዩ። ብመሰረት ውዕል፡ እቲ ተምሃራይ ነቲ መሰላቱን ግዴታቱን ንኻልእ ከመሓላልፍ ወይ ከሰጋግር ኣይክእልን። እዚ ኣሃድ'ዚ ከም መኽፈል ዕዳ ኪዝውተርን ከም ክራይ ኪወሃብን ወይ ንምልቃሕ ከም ትሕጃ ኪቐርብን ኣይክእልን።

## ውሕስነት
እቲ ሰናዒ፡ ናይቲ ኣሃድ ውሕስነት ይምልከቶ እዩ። እቲ ውሕስነት፡ ንምስባር ናይ ቻርጀር ኤለክትሪካክዊ ገመድ ወይ ነቲ ኤለክትሪክ ዘቕርብ መሳርሒ ኣይሽፍንን እዩ።

## ንምብልሻውን ንምጥፋእን ዚምልከት ናይ ዕዳ ግዴታ
እቲ ኣሃድ ወይ እቲ ቻርጀር ምስ ዚበላሾ ወይ ምስ ዚጠፍእ፡ ብመሰረት ሕጊ ወይ መንግስታዊ መትከላት፡ እቲ ተምሃራይ ነቲ ብልሽት ኪኸሕስ ግዴታ ኣለዎ።

## ምምላስ ኣቕሓ
ኣብ ምውዳእ ወይ ምቁራጽ ትምህርቲ፡ እቲ ኣሃድ ናብቲ ቤትትምህርቲ ኪምለስ ይግባእ። እቲ ኣሃድ ምስቲ ከም ልቓሕ ኮይኑ ኪውሃብ ከሎ ዝነበሮ መሳርሒታት (ቻርጀርን ቦርሳን) ኪምለስ ይግባእ። እቲ ኣሃድ ምስ ተመልሰ፡ ቁጽጽር ኪግበረሉ እዩ።

ኣብቲ ግዜ ምምላስ፡ እቲ ተምሃራይ ነቲ ብልሽታትን ብልክዕ ዘይምስራሕን እንተ ዘይሓቢሩ'ሞ እቲ ኮሙን ድማ ብሰሪ ዘይምሕባር ነቲ ናይ ዕረያ ውሕስነት ዕድል ምስ ዘጥፍኦ፡ እቲ ተምሃራይ፡ ብመሰረት ሕግን ደንብታትን፡ ነቲ ወጻኢታት ኪሽፍኖ ኪግደድ እዩ።

## ኣገባብ ኣጠቓቕማ
እቲ ተምሃራይ ነቲ ናይ ኣጠቓቕማ መምርሒታት ኪስዕቦ ግዴታ ኣለዎ። ንሱ ነዚ ሕግ'ዚ ምስ ዚጥሕሶ፡ እቲ ናይ ዝውተራ መሰል ኪድረት ይኽእል እዩ። ንሱ ብገበን ምስ ዚጥርጠር፡ እቲ ቤትትህርቲ/ክፍሊ-ዲጂታላዊ ትግበራ፡ እቲ ሕግታትን ደንቢታትን ብልክዕ ተሳዒቡ ምዃኑ ንምርግጋጽ ነቲ ኣብቲ ኣሃድ ዘሎ ትሕዝቶን መዝገብን ቁጽጽር ኪገብረሉ እዩ።

- እቲ ኣሃድ ንትምህርታዊ ስራሕ እዩ።
- እቲ ተምሃራይ ናይቲ ኣሃድን ኣጠቓቕማኡን ሓላፍነት ይወስድ።
- እቲ ኣሃድ ብናይ ውልቃዊ ምስጢራዊ ኮድ ኪዕቀብ ይግባእ።
- እቲ ኣሃድ ካብ ሓለዋ ኪወጽእ የብሉን፡ ብውሑስ መገዲ ድማ ኪዕቀብን ኪጎዓዝን ይግባእ፡ ከምኡውን ብጥንቃቐን ብምስትውዓልን ኪዝውተር ይግባእ።
- እቲ ኣሃድ ኣብ ግዜ ትምህርቲ ኪዝውተር ምዃኑ ዚውስን እቲ መምህር እዩ።
- ዘይፍቑድ ብኩራት ምስ ዚበዝሕ፡ እቲ ኣሃድ ዚዝውተር፡ ተምሃራይ ኣብቲ ቤትትምህርቲ ምስ ዚህሉ ጥራይ ከም ዝኾነ እቲ ቤትትምህርቲ ኪውስን ይኽእል እዩ።
- እተበላሸወን ዝጠፍኣን ኣሃድ ብእተኻእለ መገዲ ብቕልጡፍ ነቲ ናይቲ ተምሃራይ መምህር፡ ወይ ነቲ ናይ IT ኣይ.ቲ ሓላፊ ይሕበር።

NORRKÖPING

## ዓይነት ኣሃድን ናይ ተራ ቁጽርን:______________________________

*እቲ ናይ ኣሃድ ተራ ቁጽሪ ኣብቲ ናይ ባዕልኻ ምግልጋል ፖርታል እውን ይምዝገብ እዩ።*

## ኪታም

ኖርሾፒንግ፥ ዕለት ____________________ ______________________________

ስም (ሓለቓ ወይ ተመሳሳሊ መዓርግ ዘለዎ )

ኣነ/ንሕና እ/ንምስክር ነቲ ውዕል ከም ዘንበብኩ/ከም ዘንበብና፡ ነቲ ንዝውተራ ገዛ ዚምልከት ናይ ዲጂታል መሳርሒ ሕግታት ድማ እቕበሎ/ንቕበሎ፥

ኖርሾፒንግ፥ ዕለት

| | |
|---|---|
| ናይ ተምሃራይ ኪታም | ስም ብንጹር |
| ናይ ናባዪ ኪታም [1] | ስም ብንጹር |
| ናይ ናባዪ ኪታም [1] | ስም ብንጹር |

[1] ንበጽሒ ተምሃራይ ናይ ናባዪ ኪታም ኣየድልዮን

## እተመልሰ ኣሃድ

☐ እቲ ኣሃድ ተመሊሱ

☐ እቲ ኣሃድ ኣይተመልሰን ወይ ተባላሸዩ

______________________________

ዕለት ኪታም፡ ተወካሊ ቤትትምህርቲ

NORRKÖPING